# ትሕዝቶ "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት"

## መንግስቲ ሓያሎ ዝርዝራት ዝሓዘሉ ትሕዝቶ "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ዝብል እንታይ ከም ዘማልእ ከቕርቦ ኢዩ። ጸኒሑ ግዜ ምስግጋር "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ምስ ኣኸለ ጽልዋ ለበዳ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ህዝብና ክንድቲ ኣይክፍለጦን ኢዩ። ግዜ ምስግጋር "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልቲ" መዓስ ክኾውን ከም ምዃኑ መንግስቲ ጸኒሑ ብምምላስ ክሕብር ኢዩ።

– ናብ ንቡር መዓልታዊ ህይወት ኣብ ንምለሰሉ እዋን፡ እቶም ዝበዝሑ ሃገራውያን ሕግታት ክጠፍኡ ኢዮም። ጠለብ ምሕላው ርሕቀት ሓደ ሜትሮ ክእለ ኢዩ። ቅጥዕታት እንግዶታት ይኹን ምትእኽኻባት እውን ክእለ ኢዩ። ኣብ ባራትን ቤት መግብታትን ኣጋይሽ ናይ ምቕባል ዝዕጸወሉ ሰዓታትንን ምሕዛእ ጠረጴዛታትን ዝብል እውን ክጠፍእ ኢዩ። ሕግታትን ቅጥዕታትን ይጥፋእን ይተኣለን እምበር ምስ እንሓምም ካብ ቤትና ክንወጽእ ከም ዘይብልናን ጽርየት ኣእዳውና ክንሕሉን ከም ዘለናን ክንርስዕ ከም ዘይብልናን ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ የገናዝበና።

ሕግታትን ቅጥዕታትን ይጥፋእን ይተኣለን እምበር ኣብ እዋን "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ኮቪድ-19 ንዝሓምም ንክግለል ዝሕተት ቅድመኩነታት ክቕጽል ኢዩ። ኣብ እዋን "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ንምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት ዝምልከት ቅጥዕታት ኣብ ኣጸደ ህጻናት ይኹን ኣብ ቤት ትምህርትታት ተምሳል ሕብርታት መብራህቲ ሰማፋሮ ከም መሰረታዊ መበገሲ ክኾውን ኢዩ፡ እንተ ወሓደስ ኣብቲ መሰጋገሪ እዋን ብኸምኡ ክካየድ ኢዩ።

ምኽርታትን ምሕጽንታታትን ቅጥዕታት ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት ክቕጽል ኢዩ፡ ካብቶም ካልኦት ሓፈሻውያን ምኽርታት ኣብ ስርዓት ትቦታት ምስትንፋስ ረኽሲ ንዘኸትሉ ሕማማት ዝምልከቱ ዝፍለዩ ኣይኮኑን። መንግስቲ ምስ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ምትሕብባር ብምቕጻል ኣብ እዋን "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" እንምለሰሉ ኣየኖት ምኽርታት ክምለከቱና ከም ምዃኖም ብጭቡጥ ክነጽሮም ኢዩ።

**ንኖርወይ ዝኣትው ገያሾ ዝምልከት ቅጥዕታት ይፋኹስ**

"ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ንሰጋገረሉ እዋን ክሳብ ዝኣክል ንኖርወይ ንምእታው ዝገትእ ሕግታት መንግስቲ ኖርወይ ይኣልዮም ኣሎ። ብጀካ ነቶም ዜጋታት ሳልሳይ ሃገርን ካብተን ትሑት ለብዒ ንዘለወን ኣብ ደረጃ ሊላ ዘየለዋ ሃገራትን ዝተዋህበ ሕድገት እንተዘይኰይኑ ማለት ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ዘሎ ምኽንያት እተን ዝምልከተን ሃገራት ከባቢታተን ካብ ኤውሮጳ ወጻኢ ዝኾና ሳልሶት ሃገራት ብምዃነን ኣብ መዝገብ ሕብረት ኤውሮጳ ሰፊረን ብምኽንያት ኩነታት ትሑት ለብዒ ምፍኳሳት ቅጥዒታት ይተኣታተወለን ኣሎ።

– እዚ ማለት ከኣ ንኖርወይ ዝመጹ ገያሾ ዝምልከት ኩሉ ሕግታት ከምኒ ምምርማርን ምውሻብን ዝኣመሰሉ ክንኣልዮም ኢና ማለት ኣይኮነን። ነዞም ገያሾ ዝምልከት ገለ ገለ ምፉኳሳት ሕግታት እውን ጸኒሑ ክተኣታቶ ኢዩ። ካብ ግዳም ንዝኣቱ ለብዒ ቁብ መታን ከነብሎ ዝተኣታቶ ምፍኳሳት ብጥቡቕ ምክትታላት ክካየድ ኢዩ።

መንግስቲ፡ ኣብ እዋን "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" እንምለሰሉ ኣየኖት ሕግታት መርመራን ውሸባን ክምልከትዎም ከም ዝኸኣሎም ጸኒሑ ክምለሰም ኢዩ።

**ካብ ቍጽጽር ናብ ተዳልዎ**

ናብ "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ኣብ እንሰጋገረሉ መንግስቲ ካብ ስትራተጂ ቍጽጽር ናብ ስትራተጂ ተዳልዎ ኢዩ ክሰጋገር።

–ከባብያውያንን ሃገራውያንን ሰበስልጣናት ንኩነታት ምዕባለታት ብጥብቂ ክከታተልዎ ኢዮም፡ እዚ መታን ኩነታት ምናልባሽ ምስ ዝቐየር ስጉምቲታት ብቕልጡፍ ንምትእትታው ክከኣል ዝዓለመ ኢዩ። ምስ ንቡር ኩነታት ኣነጻጺርካ መንግስቲ፡ ሰበስልጣን ጥዕና፡ ሆስፒታላትን ንኡሳን ዞባታትን ዝያዳ ምክትታልን ተዳላውነትን ክህልዎም ኢዩ። ንኡሳን ዞባታት ንሃገራዊ ስጉምቲታት ክጕስዮ ዝኽእል ከባብያዊ ቅጥዓዊ መምርሒታት ከጽድቓ እውን ይኽእላ ኢየን ይብል ሚኒስተር ቤንት ሆይየ።

ዝምልከቶም ሰበስልጣናት ኣብዞም ዝስዕቡ ኣመታት ብምሙርኳስ ንዓይነተ ስግኣታት ኣብ ግምት ብምእታው ክቐይዶም ይኽእል፡

- ብዝሒ ቍጽሪ ሓደስቲ ሕሙማን ተዓቊብትን ኣብ ሕደ እዋን ኣብ ሆስፒታላት ዝተዓቈቡን (ድምር ብዝሒ ተዓቊብቲ)።
- ዝርጋሐ ዕድመ ዑቑ'ባን ሆስፒታላት
- ብዝሒ ተሓከምቲ ዑቑ'ባን ኣብ ጨንፈራት ጽዑቕ ክንክን
- ዓቕሚ ምእላይ ተሓከምቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት

ኣብ ርእሲ እዚ ግምገማ እዚ ሓደ ኩልንትናዊ ዝኾነ ግምገማ ኩነታት ለበዳ ምውሳድ ክህሉ ኢዩ።

**ዘሎ ተዳላውነት ኣብ ዘለዎ ይጸንሕ**

ምስ ግዜ ምኻድ ብዝሒ ተኸተብቲ እናዓረገ ይምጸእ እምበር፡ ብቕዓት ብዩንነት ክሳብ መዓስ ክጸንሕ ከም ዝኽእል ንፈልጠሉ የብልናን። ንክታበታት ከስንፍዎም ዝኽእሉ ሓደስቲ ተቐያያሪ ባህሪ ዘለዎም ቫይረሳት እውን ክቕልቀሉ ይኽእሉ ኢዮም፡ ዳግም ድማ ሳዕቤኑ እንተ ሃገራውያን ወይ ከባብያውያን ስጉምቲታት ምትእትታው ኣድላዪ ክኾውን ይኽእል። ስለዚ ድማ ኩለን ንኡሳን ዞባታት እዚ ሕጂ ዘለውኦ ደረጃ ተዳላውነት (ደረጃ ተዳላውነት ውድባውን መሪሕነትን) ኣብ ቦትኡ ከም ዘለዎ ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ዘለናዮ ዓመት ክዕቅብኦ ይግደዳ። ከምኡ እውን መታን ኣኣብ ሰሙን 10 ሚእታዊት ካብ ህዝበን ፈጣን መርመራ ንክካይድ ፈጣን መመርመሪ ክዕድላን ግለላን ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ውሸባን ንክካይዳ ዓቕመን ከፍቅደለን መሰረታዊ ዝኾነ ተዳልዎ ክህልወን ግድን ኢዩ። ንኡሳን ዞባታት ይኹና ትካላት ጥዕና ኣብ ሰሙን ሰሙን 1 ሚእታዊት ካብ ህዝበን ክምርምራ ዓቕመን ክኽእለን ይግባእ። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልታት ናብ 5 ሚእታዊት ካብ ህዝበን ንክኸትባ ዘኽእለን ዓቕሚ ክብ ንምባል ናይ ምድላው ዓቕመን ንከፍቅደለን ክዳለዋሉ ኣለወን፡ እንተዘይ ኰይኑ ናይ ምምርማር፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ውሸባን ንምክያድ ዘለወን ዓቕሚ ማዕረ ማዕረ ናህሪ እቲ ኩነታት ከቃድውኦ ክኽእላ ኣለወን።

ዝተቐነሰ ኣገባብ መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ውሸባን ዘማልአ ተወሳኺ ዝርዝር ዝሓዘለ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብዚ መራኸቢ እዚ ተመልከት፡ Se egen pressemelding om innføring av "Nedjustert TISK" for

flere detaljer.

ካልእ ንኡሳን ዞባታት ክዳለዋሉ ዘለወን እንተልዩ ንህዝበን ሳልሳይ ክታበት ንምኽታብ ምናልባሽ እንተ ኣድልዩ ተዳላውነተን ግድን ኣብ ቦትኡ ንክህሉ ኢዩ። ብምሉኣን ዞባታት ሃገርና ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን 200 000 ሰባት ክኸትባ ክኽእላ ኣለወን፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሳምንታት ድማ ዓቕምታተን እምብዛ ንምዂልባት ክኽእለን ዝኽእል ተዳልዎ ክህልወን ኣለዎ። ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ንክኾውን ዘለዎ ደረጃ ተዳልዎ፡ መንግስቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር ከም ብሓድሽ ክሓስበሉ ኢዩ።

–ምስ ንኡሳን ዞባታት ሃገርና ብዛዕባ ትሕዝቶ "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" እንምለሰሉ እዋን መታን ብሉዑል ደረጃ ክዳለዋሉ ንላዛዘብ ኢና ዘለና። ብተወሳኺ እውን ብሰንኪ ኮቪድ-19 ዘኸትለለን ወጻኢታታት ንመላእ ጽላት ንኡሳን ዞባታታት ከም ናይ ቅድሚ ሕጂ ክሸፈነለን ከም ምዃኑ ይሕብር ሚኒስተር ቤንት ህይየ።